22.05.2009

**24 ግንቦት መዓልቲ ነጻነት፣ ዮሃና ንህዝብና፣**
**ኣብ'ዚ ዓመት፣ ደንበ ተቓውሞ ብዙሕ ዓወታት ሓፊሱ ኣሎ፣**

***ናጻነት፣ ሂወትን ሂወት ትዘርእን ኢያ ትበሃል።*** *ሃውልቲ ሱዉኣት፣ ተስፋ ጩቑናት፣ ክበረትን ዋሕስነትን ዜጋታት ኢያ ክብሉና'ውን ዓቢና።* ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ምስጢር ኣብ ዉሽጢ ነጻነት ከም ዝርከብ፣ ስለ ዝፈልጥ ዝነበረ ካብ ነዊሕ ግዜ ኣትሒዙ ነጻነት ክርኢ፣ ናጻነት ክስተንፍስ፣ ቁልቁለትን ዓቐብትን ወሪዱን ደዩቡን። እቲ ብ1961ዓ.ም ብዉሑዳት ሓርበኛታት ተጋደልቲ፣ ብተስፋን፣ ብፍቕርን፣ ብእምነትን፣ ብቆራጽነትን ዝጀመረ ፖሎቲካዊ ቃልስና፣ ድማ ስለስተ ሚልዮን ህዝቢ ኤርትራ ተሓዊስዎ፣ ብሓይን ብሕግን ነጻነትና ካብ ንጭብጥ ዓሰርተ ሾመንተ ዓመት ነብዕል ኣሎና። በዚ ኣጋጣሚ 24 ግንቦት ንህዝቢ ኤርትራ ዮሃና ንብል።

24 ግንቦት፣ ካብ ነዊሕ ግዜ መንጪ እቶቱ ህግደፋውያን ኮይና ጸኒሓ። እዚ ግን ሕጂ ክቕጽል ኣይግባእን። ሓምሽተ ሳንቲም ነዚ ስርዓት ምኻፋል ስቕያት ህዝብኻ ምኑዋሕ ምኻኑ ኩልና ንርድኦ ኣሎና። ካብ ኩሉ እቶም ኣብ ስደት ንነብር ዘሎና ባህሊ ክንርኢ ወይ ካልእ መመኽነይታታት እናገበርና ኣብ ፈስቲቫላት ህግደፍ ንስስዕን፣ ነሳስን፣ ኣብ ቪደዮታት ንቅዳሕ ኣሎና፣ ጽባሕ ዕርቅን ፍትሕን ክመጽእ ከሎ ብሓላፍነት ሂወትን ጥልመትን ክንሕተት ምኳና ክንዝንጊዕ ኣይግባእን። ኣይንፈልጥን ኔርና እንተበልና ንዘይፈልጡ ንበይኑ ሕጊ የሎን ስለ እዚ ካሳ እዚ ስርዓት፣ ምህጣር ወንጀል ምኻኑ ሕጊ ደጋጊሙ የዘኻኸረና ኣሎ።

ኣብ ደንበ ተቓውሞ'ውን ንወርሒ ግንቦት ብጸሎትን ብትምህርትን ብጸወታን ትዝክር ኣላ። ደንበ ተቓውሞ ክሃንጽ ስርዓት ኢሳያስ ክፍርስ ባህርያዊ ኢዩ። ግን ኣብ ደንበ ተቓውሞ ኣሎ'ኹ እናበልካ ምፍራስ ከይርከብ፣ ፍልልያትና ክጸብብን ባህላዊ ትምህርትታት ክበዝሕን ባህላዊ ኣገባብ ኣፈታትሓ ግርጭት ክነኣታቱን ነተባብዕ። ደንበ ተቓውሞ ክሃንጽ እንተኾይኑ ንርእሱ ብቐዳምነት ክህነጽ ኣለዎ። እሞ ኣብ'ዚ ዓመት ንምህናጽ ዝርኢ እንታይ ጌርና ክንብል ናይ ግድን ኢዩ። ካብ ኩሉ ቀንዲ ሃነጽቲ መንኣሰይ ስለ ዝኾኑ መንኣሰይ ነዚ ዓልማታትናን ሓላፍነትናን ይርድእዎን ይጽንበርዎን ኣለዉዶ? ህዝብናኸ ይስዕበናዶ ኣሎ? ፈተውትና ከምይ ይርእዩና ኣለዉ? እንተዘይበልና ንህነጽ የሎናን። እዚ ኣብ ባይቶታትናን ኣብ ኣኼባታትን መርበባትናን /ዌባትን/ ሬድዮታትና፣ መጽሄታትናን፣ ጋዜጠታትናን፣ ፓልቶካትናን፣ ብሰፊሑ ክዝረበሉን፣ ክግምገምን፣ ዝግብኦ ወርሒ እዩ።

*ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ ናይ'ዚ ዝሓለፈ ዓመት ስርሓት ብኣውንታ ይግምግሞ። ስለ'ዚ ኣብ ተስፋን ፍቕርን እምነትን ረጊጽና ንከባቢና ብኣሉታ ጥራይ ከየንበብና እቲ ጸጽቡቕ'ውን ንዘክር። ምኽንያቱ ኣብ ኣሉታ ኮለል ምባል ክስገር ኣለዎ። ኣሉታዊ ሓንጎል፣ ርእሰ ተኣማማንነት የጥፍእ፣ መሃዝነት ይውሕድ ስለ ዝኾነ እቲ ባህላዊ ኣገባብ ኣተዓቓቕናን ገምጋምን ኣብ መስርሕ ክዕንብብ ግዴና ንግበር።*

*ናይ እዚ ዓመት ዓወታትና ቐዳማይ ከልኣይ እንበልና ክንስርዖም ኣይንደልን ምኽንያቱ ኩሎም ዓወታት ህዝቢ ኤርትራ ኢዮም። ኣብ ወረቐት ክንሕጽጾም ከሎና ግን እቲ ካልኣይ ድሕሪ እቲ ቐዳማይ ይስራዕ ስለ ዝኾነ ዝሓሸን ዝበለጸን ከይስሚዕ፣ ንኣንበብቲ ነተሓሳስብ።*

**ካብ'ቲ ናይ እዚ ዓመት ፍር-ፍርይ ዝበሉ ዓወታት ፣ ደንበ ተቓውሞ፣**

- **ንሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ዝምልከት፣** ክልተ ብሄራውያን ውድባትና ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ንኽቀውም ዘመሓላለፍኦ ጻዊዒት ኢዩ። ወተሃደራዊ ክንፍታት ውድባትና ንህዝብና ከም ዘሻቕሎ ምኳኑ ኣብ ናይ 31.01.2009ዓም ርኢታትና ኣመልኪትና ኔርና። እዚ ሻቕሎት እዚ ድማ ናይ ኩሉ ህዝብና ሻቅሎት ኢዩ ዝነብረን ዘሎን። ኩሉ ድማ ብብመንገዱ ሻቕሎቱ ነዘን ውድባት ክገልጸለን ጸኒሑ። እነሆ እንበኣር ክልቲኡ ብሄራዊ ውድባት ኹናማን ዓፋርን ሻቕሎት ህዝብና ሰሚያም፣ ናይ ክልቲኡ ማእከላይ ሽማግሌ ዲምሓኩኤን ፣ ዲወቀኣባን፣ ዝሕለፎ ውሳኔ ኣብ ግብሪ

ንምውዓል እቲ ዝለዓለ መርሕነት ክልተ ውድባት ንኹሉ ደንበ ተቓውሞ ሓደ ወተሃደራውን ህዝባውን ጽላል ንኹሉ ዝሓቑፍ ክቖውም ብዕለት 14.05.2000ዓም ኣብ ኮንፈረንስ ሰመራ ጸዊዑ ኣሎ። ኣብ ግብሪ ንምውዓሉ'ውን ትምልከቶ ሽማግሌ መዚዙ ኣሎ። ሓምላይ ምንቅስቓስ ኤርትራ፣ ሓይልና ኣብ ስምረትና ከም ዝርከብ ትኣምን። ጸላኢ'ውን ፈላልዩ ኢዩ ዝገዝኣና ዘሎ። ስለ'ዚ ነዚ ጻዊዕት ኣብ ግዜኡ ዝመጽኤን፣ ሓላፍነታውን ኮይኑ ስለ ንረኽቦ ንድግፎን ንቅበሎን። እዚ ከም'ዚ ዝበለ ግንባር ንወተህደራዊ መነሃሃርያ ጥራይ ከም ንጥቀመሉ ገይርም ዝርእይዎ ኣለዉ። እዚ ግን ብኹንነት ሃገርና ክጥመት ከሎ ንህዝብና ካልእ ጥቅምታት'ውን ክህቦ ኢዩ። ሽማግሌታቱ ሰብ ጱሮራ ጥራይ ክኾኑ ኣለዎም ዝበል ጻዊዒት'ውን ኣይኮነን፣ ሲቪል'ውን ኣባላት ወይ መራሕቲ ክኾኑሉ ዘይከኣል ኣይመስለናን። ኩሉ ድማ ብዘይ ቅድመ ኩነት ኮፍ ኢልካ ምርድዳእ ክመጽእ ባህልና ኢዩ። ካብ'ዚ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ህዝቢ ኤርትራ ክጥቀመሉ ይኽእል ኢዩ ንብሎ፣

- ንወተሃደራውን ንፖሎቲካውን ንቑጠባውን ንባህልውን ሓበሬታት፣ ጸላኢ፣ንእክበሉ፣
- ኣብ ሃገርና፣ ሃንደበታዊ ምቕይያር እተተረኺቡ ንህዝብና ከይብደል ንከላኸለሉ፣
- ንበድልቲ ኣብ ሕጊ ንወስደሉ፣
- ንስደት መፍትሒ ሽግሩ ወሲድዎ ዘሎ መንእሰይና ደው ክነብሎን፣ ንህንጸት ሃገር ክነዳልዎን፣
- ካብ ሎሚ ቁዋማውን ንቑሕን ሓላፍነታውን ሃገራዊ ሰራዊት ክህመጽ፣
- ንህዝብና ንዕቑበሉ ወይ ረድኤትን ካልእ ሓገዛትን ነብጻሓሉ፣ ክሽውን ይኽእል፣
- ናብ ብረጌሳዊ ምነግስቲ ንምስግጋር ድማ ግደ ክጻውት፣ኢዩ።

ካብ'ዚ ምኽኒታት ተበጊሰን ውድባትና እዚ ሰ.ደ.ግ ነተን ወተሃደራዊ ክንፍታት ዘለወን ኣድላይነቱ ህጹጽ ኮይኑ ነተን ጎነጽ ኣይንኣምንን ዝብላ ውድባትን፣ ሲቪካዊ ማሕበራትን፣ ምንቅስቓሳትን'ውን፣ ሕቶ ሃገራዊ ምክልኻልን ሓድነት ሰርዊትን፣ ጸጥታን፣ ዝምልከት ስለ ዝኾነ ክድግፍኦ ይግባእ።

**ሓምላይ ምንቕስቓስ እዚ ሓባራዊ ግንባር ንክምስረት ዝግበር ጻዕሪ፣ ንጻላኢና ነውድቖሉ ወይ ኣብ ጣውላ ኮፍ ከም ዝብል ንገበሮ እንኮ ጥበብ መስርሕ ቃልሲ ስለ ንርእዮ፣ ብዘይቅድመ ኩነት ንድግፎ።**

- **ንግንባር ተዳሙን ኤርትራ ዝምልከት፣** ብረታዊ ቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ መታሕት ስለ ዝተጀመረ፣ እቲ ናይ ሓደስቲ ክልስሓሳባት ላብራቶሪ'ውን ኣብ ልዕሊ ሕብርተሰብ መታሕት ኢዩ ዝተፈተነ። ካብ'ዚ ዝነቐለ በቲ ኮሙኒስታውን ካልእ ናይ ጡሩፍነት ኣተሓሳስባን ብቐዳምነት ግዳይ ዝኾነ ባህልን እምነትን መታሕት ኢዩ። (ኮሚኒስታዊ ኣተሓሳስባ፣ ነቲ ምልኪ ሸቓሎ ክዕወት ኣለዎ እናበለ ብዘይካ ናተይ ካልእ ርእይቶ ክጠፍእ ኣለዎ ዝብል ደርቕ ክልስሓሳብን ከምኡ'ውን ካልኦት ክልስ ሓሳባት ከም ፋሺስታዊ ክልስሓሳብ መንግስቲ ኤርትራ ንኣቛቑማ ሕብረተሰብና ዝዘንግዑ ዝምልከት እዩ። ንመርገጺና ክነብርሆ፣ እዛ ሃገር ናይ ኩልና ኢ.ያ።) ኣብ ዘረባና ክንምለስ፣ እቲ ክልተ ምስጢራውያን ውድባት እንበኣር ኣብ ሕቶ ስድራ ቤትን፣ ሕቶ ባይቶን፣ ንብረት መስግድን፣ መንፈሳዊ ሓላፍነት ሸኽን፣ ኣብ ኩሉ ባህሊ ናይ ኣቦታት ያታን፣ ትሕዝቶ መሬትን ንጹር ጎንጺ ተላዕሉ። ነዚ ጎንጺ ድማ ብሰላማዊ መንገዲ ምፍታሕ እምነት ዘብለን ውድባት ስለ ዝነበራ ንመእመናንን፣ ንሽኻትን፣ ንዓበይቲ ዓድን፣ ንመንእሰያትን፣ ክኣስራን ንባህሊ ከበሳብሳን ጀሚረን። ብስንኪ እዚ ዘይቕኑዕ ክልስ ሓስብን ተግበራኡን ድማ ኣመንቲ ምስልምና ክሳብ ብረት ከልዕሉ ተገዲዶም። ጀሃድ ምስ ተኣወጀ ጸላኢ ነዚ ምንቕስቓስ ዘይቀብኦ ሕብሪ ኣይነብረን። ኤሮጳውያንን ኣሜሪካውያንን ኣብ ኣፉጋኒስታን ኣብ ፖላንድን ንዝነብረ ምንቕስቓሳት ሃይማኖት ክድግፉ ከለዉ ነዚ ናትና ግን ኣብ መንደቕ ከጸግዕዎ ጀሚሮም። ዝገደደ ነቲ ዓምጺ ውድባትን ድሒሩ ድማ መንግስቲ ክሳብ ሎሚ ደገፎም ይህብዎ ኣለዉ። ደንበ ተቓውሞ'ውን ኣጀንዳኡ ሓዲጉ ብኣጀንዳ መንግስቲ ኤርትራ ተዓብሊሉ ጸኒሑ። ድሕሪ ነጻነት ግን እዚ ሕቶ ክፈላልየና ኣይነብሮን። ሕጂ'ውን ሰውራና ክዕወት እንተኾነ ኮፍ ኢልና ቁስልና ከይሓኸኽና፣ ኣብ ከስርሓና ዝኽእል መደባት ክንጥምትን ኣብ ስራሕ ክንወዳደር የድሊ። ካብ'ዚ ድሕሪ ባይታ ታሪኽ ነቒልና ንግንባር ተዳሙን ኤርትራ ዮሃና ንብሎ። እቲ ንሱ ዝሓቶን፣ ዘልዕሎ ሕቶታትን፣ ክቃለሰሉ ቃል ዝኣትዎን ዕላማታት ደሞክራስያዊ እዩ። ኣብ ክሊ ሃገርን፣ ኣብ ባይታ ደሞክራስን ዝሕተት፣ ሕቶታት፣ ህዝቢ ኤርትራ ክድግፎን ክቃለሰሉን ክነተባብዕ ይግባእ። እዚኤን ፖሎቲካውያን ውድባት ነዊሕ ተሞኩሮን ክልውጥ ዝኽእል ሓይሊ ሰብን ዘለወን ኢየን። ነዚ ሓይሊ እዚ ብሓደ መንገዲ ሰሪዔን ምኻደን ድማ ነቲ ናይ ሱዳን ማዕጾ ቓልሲ ስለ ዝሽፍታልና ደገፍና ብዘይውልውል ንህበን። ኣይትንቐፉ ርእቶኹም ኣይትሃቡ ዝብል ዕላማ'ውን የብልናን ግን ባህላውን ሓላፍነታውን ንጸላኢ ዘቐደመን ክሽውን ኣለዎ። ናይ ሰብዓታት ፖሎቲካዊ ትንተና ንረብሓ ቓልስና ከም ዘይኮነ

ደጊምና ንሕብር። “ዘመን ይተንተን” ሓንቲ ፋይዳ ኣይረኸብናሉን። እኳ ድኣ ንቓልስና ዓንቒፍና፣ ንመንእሰይና ኣብ ኲናት ሓድሕድ ኣጥፊእና፣ ንመንግስቲ ዘኣክል ግንባር ድማ ኣፍሪስና።

- **ኣብ መስርሕ ናይ ስምረት ዘለዋ ውድባት፣** ከም ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን፣ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራን ካልኦትን እቲ ጀሚረንኦ ዘለዋ መደብ ከም’ቲ ዝሓንጸጽኦ ብዓወት ክድምደም ዘሎና ተስፋ ንገልጸለን።

- **ንተሳትፎ ህዝቢ ዝምልከት፣** ዓበይቲ በዓላትን፣ ሰላማዊ ሰልፍታትን፣ ናይ ትምህርቲ ሰሚናራትን ተኻይዱ ኢዩ። ከምኡ’ውን ኣብ እዚ ዓመት’ዚ ብዙሓት ፓልቶካትን፣ መርባባትን፣ ሬድዮታትን፣ ሲቪካዊ ማሕበራትን፣ ፕሎቲካዊ ውድባትን፣ ምንቕስቓስን ተወሊደንን፣ ብዝለዓለን ብዝረቐቐን ኣገባብ ድማ ኣብ ፖሎቲካ ኤርትራ ርእይቶኤን ሂበንን ኣብ ተቓውሞ ኢደን ሓዊሰንን ኢየን። ነቲ ንደልዮ ደሞክራሲ ዋሕስ ክኾናን፣ ንኽመጽእ ድማ ስራሕቲ ክኾና ቃለን ሂበን ኢየን። ምስ ጸላኢ ድማ ይተሓናነቓ ኣለዋ። “ውድባት በዚሔን ምንቕስቓሳት ከም ቓንጢሻ ለይቲ ለይቲ ክበቑላ ይሓድራ ኣለዋ፣ እዚ መርገም ኢዩ፣ ዝብሉ ኣይትሳእኑን። ኤረ ነቲ ዓወት ብምውሓድ ውድባት ዝቐላጠፍ ዝመስሎም ገርህታት ኣለዉ።“ ኣብ 1974ዓም ክልተ ውድባትና ካብ ብሎኮ ኣስመራ ከም ዝተመልሳ ኣይንረስዕ። ቐንዲ ነዚ ሓሳብ ዝዝርግሑ ህግደፋውያን ኢዮም። ንምግልጋል ፋሺሽቲ ምኹኑይ ክኾኖም ዝብልዎ መምኽነይታታት ኢዩ። ኣብ ደሞክራስያውያን ሃገራት ንነብር ኣሎና፣ ደሞክራስያዊ መሰላት ንሓትት ኣሎና፣ ስለ እዚ ምብዛሕ ውድባት ከጉህየናንን ተስፋ ከቁርጸናንን ኣይግባእን። “ኣይትንፋዑ እዩ እቲ መርገም እንበር ኣይትብዝሑ ኣይኮነንን” ዝብል ባህላዊ ምስላ ንዘክር። ንኹለን ፖሎቲክውያንን ስብኣውያንን ማሕበራት እዚ ዓመት ዝቆማ ዮሃና ንብለን። ሓምኤ ኩሉ ብባህሉን ብከባቢኡን ብሞያኡን ብብሄሩን ብእምነቱን ክኸትት ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፋትና ጸዊዕና ኔርና ሕጂ’ውን መዓልቲ ነጻንት ንደግም።

- **ኣብ ኣህጉራዊ ሜዳ’ውን** ሎሚ ዘመን ብዙሕ ዓወታት ተጎናጺፍና ኢና። እንተኾነ ናይ ፖሎቲካ ዓወታትት ኣብ በቦቱኡ ክግምግምን ብበዝስርሖ ጽብጻብ ክወሀብን ስለ ዝጸንሔ፣ ካብ ዝሓለፈ ዓመታት ሎሚ ዘመን ዝያዳ ደንበ ተቓውሞ ከም ዝሰርሔን ከም ዘፍረየን ኣስሚርን ንሓልፎ። ክነዘኻኽሮ ዝግባእ ግን ኪዳን ርእሰ ተኣማንነት ክግብር፣ ምስ ፈተታና’ውን ዝያዳ ክንረዳዳእን ኣብ እስትራተጂካዊ ዝምድናታት ክንሰጋገርን መደረኸ ይጠልቦ ኣሎ።

- **ሃገራትን ፖሎቲካውያንን ሰብኣውያንን ማሕበራትን፣** ንስደተኛታትናን፣ ንፕሎቲካውያንን ሰብእውያን ማሕበራትናን ንዝድግፉ ዘለዋ፣ ብስም ህዝቢ ኤርትራ ነመስግነን። ክሳብ ሙሉእ ዓወት ድማ ኣብ ጎኒ ዉጹዕ ህዝቢ ኤትራ ደው ክብላ ነዘኻኽረን።

መጠን ዓወትና ዝቐርብ፣ ግፍዕታት ጸላኢ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝያዳ ከም ዝመርር ናይ ትማሊ ተሞኩሮ ገዛእቲ ኣሎና። ኣብ’ዚ ዓመት ድማ ብውልቐን ብጃምላን ምቕታልን ምእሳርን ዛይዱ እንበር ኣይነከየን። እቲ ጭካኔ ክሳብ ጥኑሳትን ኣጥበውቲ ኣዴታትን ምእሳርን ምቕታልን ተራእዩ። ከምኡ’ውን ብጥሜትን ብሕማምን ዝቀዘፉ ናይ እዚ ዓመት ይበዝሑ። ህዝብና፣ ሂወት ብዘይሂወት ኣብ ትሕቲ ፋሺሽቲ ስርዓት ኢሳይስ የሕልፍ ኣሎ። ስርዓት ህግደፍ ንብዓት ሓርገጽ እናፍሰሰ ብታሕቲ ታሕቲ ግን ብመደብ መንእሰይ ካብ ሃገሮም የባርሮም ስለ ዘሎ ካብ ዝሕለፈ ዓመታት ንላዕሊ መንኣሰይ ንስደት ወጺኦም። መንእሰይና ሂወት ስደት ከም’ቲ ህግድፋውያን ኣብ ፈስቲቫላቶም ዝብለጭልጩ መንእሰያት እናሳኣሉ፣ ብቲቪ ኤረ ዘርእይዎ ከም ዘይኮነ ክነርድኦም ክንክእል ኣሎና። እዚ ዋሕዚ መንእሰያትን፣ ጭቆናን፣ ደው ክብል እዚ ስርዓት ክእለ ኣለዎ። ንወርሒ ግንቦት ብጸሎትን ንሕድሪ ሰዉኣትና ብሓዲስ መብጻዓን ነብዕላ።

ኣብ እዚ ዓመት እዚ ብዝተፈላለያ ኣገባብ፣ ብመስዋእቲ ንዝተፈለዩና ናይ ሓርነት ሰዉኣትና ንዝክር። ንዕላማኦም ኣብ መደምደምታ ክነብጽሖ ቃል ንኣቱ።

**ኣምላኽ ንሰዉኣትና ዘለኣለማዊ ዕርፍቲ ይሃቦም ንኣና ድማ ሕድሮም ክነጽንዕ ይሓግዘና።**

**Greeneritreans@gmail.com**

ግዝያዊት ኣወሃሃዲት ሽማግሌ ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ
22/05/2009